amic

Association de médiatrices interculturelles

**NOUS SOMMES À VOTRE ÉCOUTE.**

12 rue Louis-Favre,
1201 Genève
+41 (0) 22 556 66 56
contact@amicge.ch
www.amicge.ch

**SOURCES DOCUMENTAIRES**

· · · SUBVENTIONNÉ · · · · · · · · · PAR · LA VILLE · DE · GENÈVE

Décembre 2022

## ክትፈልጦ ዘለካ ነገር

ኣብ ስዊዘርላንድ ዓሌትነት ክልኩልን ብሕጊ ዘቕጽዕን እዩ ፡፡
(ዓንቀጽ 261bis, Code pénal Suisse)



## ኣገደስቲ ኣድራሻታት

### ብቛንቋኹም ሓበሬታን ሓገዝን ንምርካብ፡

**AMIC**
ብዛዕባ እዚን ካልእ ኣብ ናብራ ጀኔቫ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጸገማት ብቛንቋ ትግርኛ ድጋፍን፡ ምኽርን፡ ሓበሬታን፡ ንምርካብ ዝሕግዝ ማሕበር
*amicge.ch*
*022 556 66 56*

### ሰማዒ ንምርካብ

**Le Centre d'Écoute contre le Racisme (CECR)**
ኣብ ካንቶን ጀኔቫ –ንዝፍጸም ዝኾነ ዓሌታዊ ፍጻመ ጽን ኢሎም ዝሰምዑን፣ ምኽሪን ስነ-ኣእምሮኣዊን ማሕበራዊን ደገፍ ዝህቡን ማሕበር
*c-ecr.ch/a-propos/*
*022 736 20 00*

### ጠበቓ ንምርካብ

**La Ligue internationale contre le racisme et l'antisémitisme (LICRA-Genève)**
ዓሌታውነት ንዘጋጠሞም ሰባት ምኽሪ፡ መምርሒን፡ ሕጋዊ ሓገዝን ዝህብ ማሕበር
*www.licra-geneve.ch/#quoi*
*022 312 08 12*

### ሽምግልና ወይ ኣረዳዳኢ ኣካል ንምርካብ

**Le Bureau de médiation administrative (BMA)**
ኣብ ምስማዕ፡ ሓበሬታን ፡ መፍትሒን ኣብ ምርካብን ዝተሓጋገዝ ማሕበር
*www.ge.ch/faire-appel-au-mediateur-cantonal/differents-types-aides*
*022 327 95 79*

amic

Association de médiatrices interculturelles

# ብዛዕባ ዓሌታውነት ንዘራረብ

## ዓሌታውነት ክበሃል እንክሎ እንታይ እዩ?

ዓሌታውነት ክንብል ከለና ሰባት ብሰንኪ ሕብሪ ቆርበቶም፡ መበቆል ሃገሮም፡ ብሄሮም ወይ ሃይማኖቶም ኣሉታዊ ኣተሓሕዛ ወይ ውን ኣፈላላይ ክግበረሎም ከሎ እዩ፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዓሌታውነት ከጋጥም ይኽእል። ገለ ካብኣቶም ከም ኣብ ስራሕ፡ ኣብ መገዲ ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ መዋእለ ህጻናት፡ ኣብ ምምሕዳራት፡ ኣብ ጎደና፡ ወዘተ፡ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

ዓሌታውነት ዝተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል እዩ። ብኣዝዩ ዝጎድእ ቃላት፡ ብኣሉታዊ ኣተሓሳስባ፡ ብኣካላዊ ምንቅስቓስን ዊን ብገጸ-ባህርያትን ክንዕዘቦ ንኽእል፡፡

መብዛሕትኡ እዋን ዓሌታውነት ብኣዝዮም ዝተፈላለዩን ዝተራቐቑን መገድታት ስለ ዘጋጥም፡ እቲ ዘጋጥመና ዘሎ ነገር ብሰንኪ ዓሌታውነት ድዩ ኢልና ንምፍላጡ ከማን ከጸግመና ይኽእል፡፡

ዓሌታዊነት ኣብ ዘይተጸበናዮ እዋን ሃንደበት ከጋጥም ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ድኳን ብሰራሕተኛ ክቱር ምክትታል ብፍሉይ ንዓኻ\ኺ ምስዝጅምሩ፣ ፖሊስ ወረቓቕቲ ንምርኣይ ብዘይ ምኽንያት ንዓኻ\ኺ ካብ ኩሉ ሰብ ፈልዮም ደው ምስ ዘብሉ ወዘተ ፡፡ ሓደ ሓደ ግዜ ኽኣ፡ብተደጋጋሚ ዘጋጥሙ ንኣሽቱ ነገራት ክኾኑ ይኽእሉ ፡፡ ንኣብነት፡ ሓደ ቆልዓ ብቐጻሊ መማህርቱ ብዛዕባ መቦቆሉ ምስ ዘላግጹሉ፣ ኣብ ቦታ ስራሕ መሳርሕትኻ ወይ ውን ሓላፊኻ ዘይጉቡእ ወይ ውን ክብረትካ ዝትንክፉ ዘረባታት ምስ ዝደጋጉሙ ወዘተ ፡፡



## ዓሌታውነት ከምጽኦ ዝኽእል ሳዕቤን እንታይ እዩ?

ዓሌታውነት ኣብ ኩሉ ዕድመ ብዘይ ኣፈላላይ ንደቂ ተባዕትዮ ይኹን ንደቂ ኣንስትዮ፡ ንመንእሰያት ይኹን ንህጻውንቲ ኣዝዩ ሕማቕ ክኸውን እንከሎ፡ ንጥዕና ሳዕቤን ውን ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ኣብ ስነ ኣእምራዊ ጥዕናና፣ ጭንቀት፡ ፍርሒ፡ ተስፋ ምቑራጽን፡ ዝመስሉ ጽልዋታት የስዕብ፡ ። ብተወሳኺ ዓሌታውነት ኣብ ርእሰ-ምትእምማን ንሓዋሩ ዘይሓዊ ቁስሊ ክገድፍውን እኽእል ኢዩ ።

ዓሌታውነት ኣብ ኣካላዊ ጥዕናናውን ከይተረፈ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል ። ዘበግሶ ጸቕጢን ጭንቅትን መበገሲ ሱር ብዙሓት ተወሰኽቲ ሕማማት (ደም ብዝሒ፣ መርዘን፤ ዝኣመሰሉ) ክኸውን ይኽእል እዩ ።

## ምስክርነት ውልቀ፡ ሰባት

"ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣዕሩኽተይ ሓደ ሓደ ግዜ ፣ ኩልኹም ጸለምቲ ሕብሪ ሓርኢ ኢኹም [...] ኢንዳበሉ ይላገጹለይ። ንመምህረይ ምስ ነገርኩዋ ነቶም ተማሃሮ ንኽገድፉ ኣዚዛቶም። ኣይትኣምነኒን ኢያ ኢለ ማራ ፈሪሐ ነይረ።"
**ተምሃራይ፡ ወዲ 10 ዓመት**

"ውላደይ ኣዝዩ ንእሽቶ እንከሎ፣ ግዳይ ኣሌትነት ከምዘጋጠሞ ምስፈለጥኩ ቀልጢፈ ምስ መምህሩ ክዘራረብ ከይደ። ፈረንሳ ጽቡቕ ጌረ ብዘይምኽኣለይ ከም ዝደልዮ ክዛረብ ብዘይምኻለይ ኣዝዩ ሕማቕ ተሰሚዑኒ፣ ኣብዚ ሸግር ደማ ንበይነይን ብምኻነይ ጽምዋ ተሰሚዑኒ።"
**ኣደ ክልተ ቆልዑ፡ ጓል 32 ዓመት**

"ሰብ ኩሉ ግዜ [ብሰንኪ ዓሌትነት] ከነኣ እሰካ እንከሎ ፣ ነቶም ክብረትና ዘነኣእሱ ዘረባታት ክንኣምኖም ንጅምር"።
**ተማሃራይ፡ ወዲ 18 ዓመት**

"ዓሌትነት ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን እዩ፡ እንተኾነ ግን ዘጋጥሞም ኣዕሩኽ ኣለዉኒ። እንታይ ከም ዝገብር፡ ንመን ከም ዝነግሮ፡ ከመይ ከም ዝምልስን ግን ኩሉ ግዜ የሸግረኒ፡ ኣይፈለጥኩን።"
**ተማሃራይ፡ ወዲ 16 ዓመት**

"ክልተ ዓመት ሙሉእ ዓሌታውነት ኣጋጢሙኒ ተሳቒየ ። ኣብቲ ናይ ነርሲንግ ስልጠና ዝወስደሉ ዝነበርኩ እዋን፣ ኣብ እንዳ ሰብ ኬድና እንዳሓከምና፡ ሓላፊተይ እቲ ሕሙም ክርእየኒ ስለ ዘይደለየ ፣ ከይርበሸ መታን ፤ ንመበል ሓደ ሰዓት ዝኸውን ኣብ ካልእ ክፍሊ ከይደ ንኽሕባእ ሓቲታትኒ። ኣዝዩ ከቢድን ዘሕፍርን ኮይኑ ረኺበዮ ፣ ካብዚ ንላዕሊ ክጻወር ዝኽእል ኣይመስለንን። በተመሳሳሊ ጉዳያት ዝተበገሰ፣ ነቲ ስርሐይ ከቋርጾ ኣብ ዝደሌሉ ደረጃ በጺሐ ይርከብ።"
**ተማሃሪት ጥዕና፡ ጓል 23 ዓመት**

## ዓሌታውነት ምስ ዘጋጥመካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

1 ምስ እትኣምኖም ሰባት (ንኣብነት ኣባል ስድራቤት፡ ዓርከ\መሓዛ) ተዘራረብ። ብዛዕባ ተመኩሮኻ ምዝራብ ቁሩብ ፍኹስ ንኽብለካ ይሕግዝ እዩ። ሓገዝ ንምርካብ ውን ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ።

2 ንዓሌትነት ንዝምልከቱ መሰላትካ ንምፍላጥ ዊን ዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣሚክ (AMIC) ምውካስ።

3 ኣብ ኣነባብራኻ ለውጢ ምስ ዘስዕበልካ (ድቃስ ምስኣን፡ ሸውሃት ምጉዳል ወዘተ) ምስ ሓኪምካ ወይ ምስ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ምዝርራብ።

4 ሓደጋ ዝስዕብ ግህሰት ዓሌታውነት እንተ ኣጋጢሙካ መጀመርታ ናብ ፖሊስ ምሕባር። ኣካላዊ መጥቃዕቲ ምስ ዝፍጽም ድማ፡ ዋላ እኳ ኣድላዪ እንተዘይመሰለካ፡ ናብ ሕክምና ምኻድ።

* ነቲ ጉዳይ ንፖሊስ ንምሕባር 3 ወርሒ ጥራሕ ከምዘሎካ ኣስተውዕል።